# ይተሓቖን ጌና ኣይጸዓየን !

ክልኹም ብዘይ ኣፈላላይ ንሕልፈትና ፍታሕ ኣብ ምንዳይ ትርከቡ፤ ኤርትራና ንምድሓን፤ ክብሪ ስውኣትና ንምዕቃብ፤ ነቲ ተስፋ ዝቖረጸ ተስፋ ትህቡ፤ ኤርትራዊ ብፍረ-መስዋእቱ ዘምጽኦ ክብሩን መሰሉን ንምምላስ ትቓለሱ፤ ክብሪ ምስጋና ይብጻሕኩም። ዓወትኩም ድማ ብዘይጥርጥር ክውን ክኸውን ኢዩ።

ክቡራትን ክቡራንን! ኣብ ርእሲ ዘለካ እንተ ወሰኹኻ ኣይጽላእን ኢዩሞ ብዛዕባ "ሕጂኸ ናበይ" ማለት እቲ ምልዕዓል / ጎስጋስ ተወዲኡ፤ ኣብቲ ዝቅጽል መድረኽ ውደባ ንእቶ፤ ንበገስ፤ ምሁራት-ለባማት ኣበይ ኣለኹም፤ ፖለቲካዊ-ውድባት ማሕበራዊ ውድባት ሓቢርኩን ገለ ስጉምቲ  ውሰዱ፤ ክሳዕ መዓስ ይኣክል! ይኣክል! ምባል / ምዝማር ዝውቱር ኮይኑ ይርከብ።

ነስትውዕል!!! ገለ ካብ ግርህነት ዝነቀለ  ሓሳረ-መከራ ህዝቢ ቀልጢፉ ክውዳእ ምድላይ፤ ገለ ድማ ብፍላጥ ዲዩ ብዘይ ፍላጥ ንደላይ- ለውጢ ንምብትታን ንምዝራግን ክኸውን ከም ዝኽእል ኣይንዘንግዕ። ድሓር ድማ ጌና ገለ ክፋል ህዝብና ምስ ጣልማይ ምህላዉ፤ ገለውን ንነብሶም ከም ተቓወምቲ ዝርኡ ግናኸኣ ኣብዚ ጎስጓስ ንጡፋት ዘይኮኑ ምህላዎም ምስትብሃል ከድልየና ኢዩ። ንምኻኑ ክቡራተይ ብፍላይ መንእሰይ ተታሒዙ ዘሎ ዕማም ዕዙዝን ከቢድን ሙኻኑ ኣይትስሕቶን ኢኻሞ ጥንቑቕ ዝተጸንዔ ምኽንያት ሕልፈትካ ክትግምግም የድልየካ በሃላይ ኢየሞ፤ በታ ንእስቲ ዓቕመይ ዝመስለኒ ክፍትን ኣፍቅደለይ።

ቅድሚ መድረኽ ውደባ በጺሕናዶ ኣይብጻሕናን ምምላሰይ ኣብዚ ወድቕናዮ ዘሎና ሕልፈት ብምንታይን ከመይን በጽሕና፤ ጣልማይ ንክንፈላለ ክንንጻጸግ ክንደክም ዝተጠቅመሎም መሳርሒ ወይ ናውቲ እንታይ ነሮምን ኣለዉን፤ ሳዕቤናቶምከ? ኢልና ባዕልና ንባዕልና ክንምልሶ ይግባእ። ጣልማይ ንህዝቢ ኤርትራ  ኣብዚ ናይ ታሪኽ ሓተላ ከውድቆ  ዝኸኣለ ኣስታት 50 ዓመታት ወስድሉ፤ ልዕሊ ኹሉ ድማ "ካብቲ ክፉእ ዝገብሩኻስ ክፉእ ዘልምዱኻ" ህዝብና ብፍላይ ድማ ንኡስ ወለዶ ዝዓበየሉ ዝተመልመለሉ፤ ሳዕቤናቱን  ኣነኣእስና ክንርእ ኣይግባእን። ጣልማይ ንዓይን ንዓኻትኩምን ሒዙ ኢዩ ዕማሙ ኣሰላስሉ፤ ብሓላፍነት ንሕተት ሙኻንና ኣይንረስዕ። ጣልማይ ታሪኻዊ-ባህላዊ ማሕበራዊ ገበናት ብምፍጻም ኢዩ ዕላምኡ ኣተግብሩ።

ኣብዚ ንርከቦ ህሞት ዝርኤ ዘሎ ኣጸያፊ ባህርያት ብዘይ ሕፍረት  ዲያቆናት ጣልማይ ኮይኖም ክነብሑ ንርኢ ኣሎና፤ ከምቲ " ሕማቕ ረጋሚስ ምስ መዕበይኻ ጥፋእ" ዝብሃል ክብሎ/ክብሎም ኣይመርጽን ከመይ፤ እቲ ዝተመሃርዎ ዝተባህሎም ኢዮም ዝደግሙ

ዘልዉ፤ ድሓር ድማ ንጣልማይ ኣገልገልቱን ኣሳሰይቱን ዝነበርና፤ ኣብ ናይ ህዝቢ ቃልሲ ብምህላውና ዋላካ ብዕሊ ይቅረ ክንብል ኣብነት ክንከውን ይግብኣና እንተነበረ። እዚ ኮይኑ እቲ ምናልባት ቑስሊ ምድማይ ጽቡቕ ኣይኮነን ትብሉ ኣይትሰኣኑን ይኹን-እምበር፤ ኣነስ ንገለ ኣገደስቲ ተረኽቦታት ወይ ዛዕባታት እቲ ቑስሊ ከደሚ ሓበጀራይ ሙግሊ ከወጽእ ኣለዎ፤ ቐል- ዓለም ደጊም ኣየዋጽእን።

ስለዚ ክቡራንን ክቡራትን እወ! ጣልማይ ንሕልፈትና ዝተጠቀመሎሞ መምርሒ/ሽርሒ እናተጋለጸ ኢዩ ግን እኹል ኣይኮነን፤ ዝተባህሎም ኩሉ ተቀቢሎም ኣሚኖም ዝጭድሩ ኣለውና፤ ብፍርሒ ዝተዋሕጡ ካብ ዘየሎ ዝብህርሩ ሃገርና ፋሕ-ብትን ከይትብል፤ካብ ዘይተፈልጠ መጻኢስ ምስ ጣልማይ ንሙት... እቲ ዝተባህልዎ ጽውጽዋይ ታሪኽ ይተኣረም፤ ንኣብነት ከም ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራን ሰውራኡን፤ ብፍላይ ኣብ ክልትኡ ሃይማኖታት ዝኾነ ይኹን ታሪኻዊ ጸገም ከም ዘይነበረ እንትርፎ ብሃይለስላሴን ብጣልማይን ንጥቅሞም ክብሉ ዝኣጎድዎ እንተዘይኮይኑ፤ እዚ ክብል ከለኹ ገለ ሕሉፋት ካብ ክልትኡ ሃይማኖታት ተኸተልቲ ምህላዎም ብሕጂ ክህልዉ ሙኻኖም ዘንግዔ ኣይኮንኩን፤ብርግጽ ነቲ ዝብልዎ ሃይማኖት ኮነ ህዝቢ ዘይውክሉ ኢዮም። ብዛዕባ ወያኔን ህዝባዊ ግንባርን ዘይቅዱስ ዝምድናን ሳዕቤናቱን፤ ካልእ ምሁራት ለባማት ንዑ ምርሒና ይበሃል ተመራሒ ንሙኻን ኣፍልጦ ከም ዘድሊ ንምሃር!! ንመሃር!! ከመይ ኑብሰ-ምትእምማን ስለ ዜሕድር። በዚ ኣጋጣሚ ተጠቂመ ንዓኹም ኣቱም ኣብ ፖለቲካዊ ኮነ ማሕበራዊ ኣስተምህሮ ትነጥፉ ዘለኹም ማሕለፍያ!! ቐጽልዎ፤ ከመይ ፍልጠት/ሓበሬታ ፍቱን ሓይሊ ብሙኻኑ። ድሓር ድማ መንእሰያት ሃገር ናትኩም ኢያ ምምራሕ እውን ባዕልኹም። ልቦናን ተመኩሮን ክትልቅሕዎ ይከኣልዩ እንተ ሓትትኩም ዝበቕልኩም ኤርትራዊ ዘሎ ኣይመስለንን።

ንምድምዳም ኩሉኹም ትቓልሱ ንዘለኹም ሃታ ሃታ ብዘይምባል ብዑትቡነት ሓዝዎ። ጌና ናይ ምልዕዓል ጎስጓስ ኣይተወድኤን፤ መታን ከይቕርዕን ግን ሙኻስ የድልዮ፤ብግቡእ ይትሓቖን፤ እምበርካ ዋናታት ኣልኹሞ፤ ኣይተስተዋሕድዎ ከንዲ ብዙሕ ርኣይዎ።

ኣፈወርቂ 25/03/2019